# ዝኽርታት ኣጀማምራ ማሕበር ደቀንስትዮ ኣብ ኬንያ፡፡

ናይ ስደት ህይወተይ ዝጀምር ኣብ 1979 ዓ.ም. ን እስራኤል ኣብ ዝኸድክሉ እዋን እዩ፡፡ ብጋህዲ ኣባል ህዝባዊ ግንባር ኮይነ፡ ዝተወደብኩሉ እዋን 'ውን ሽዑ እዩ፡፡ ቅድሚ 1979 ዓ.ም. ኣብ ኣዲስ ኣበባ ስለ ዝነበርኩ ሰውራ ኤርትራ ኣንጻር መግዛእቲ ግድል ክካየድ ከሎ ከም ማንም ኤርትራዊት ተሓቢእና ብጃካ በተን ካብ ዒራቕ ዝፍነዋ ራድዮ ናይ ዑስማን ሳልሕ ሳበን፡ ቢቢሲን፡ ደቸ ቭለን" ንሰምዖን ፡ ሓሓሊፉ ኸኣ ካብ'ቲ ብሜዳ ዝመጸና ምስጢራዊ ጽሑፋትን ነንብቦ እምበር ብዙሕ ኣፍልጦ ኣይነበረኒን፡፡

ቀጺለ ኣብ ካልኣይ ስደት ኣብ ናይሮቢ ምስከድኩ ብዕሊ ከም ኣባል ሓፋሽ ውድባት ኣብ ማሕበር ደቀንስትዮ ብምስታፍ ሰፍሕ ዝበለ ፖለቲካዊ "ንቕሓት" ንምርካብ ዕድል ገጢሙኒ፡፡ ኣብኡ ውፉያት ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ናይ ትምህርቲ ዕድሎምን፡ ናቶም ውልቃዊ ኤኮኖሚያዊ ጥቅሞምን ኣወንዚፎም ነተን ኣብታ ዓዲ እንነብር ደቀንስትዮ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ይህቡና ነበሩ፡፡

እቲ ጊዜ ደርጊ ኣብ ናቕፋ ንዝነበረ ደጀንና ከምቲ ንሱ ዝበሎ "ለኣንዴና ለመጨረሻ ጊዜ እንደመሰሳለን!" ወይ ድማ ብትግርኛ "ሓንሳብን ንሓዋሩን ክንድምስሶ ኢና" ኢሉ ኣብ ዝሸባሸበሉ እዋን፡ እዩ ኔሩ፡፡ ነቲ መዓልታዊ ፈኸራ ደርጊ --- ናይሮቢ ካብ ኣዲስ ኣበባ ብዙሕ ርሕቀት ስለ ዘይብሉ --- ብራድዮ ንሰምዖ ኔርና፡፡ ዜና ናይ ሜዳ ኸኣ ብራድዮ ድምጺ ሓፋሽ መዓልታዊ ሓበሬታ ንረክብ ኔርና፡፡ መጸናንዒትና ዝኾነት ራድዮ ሳተላይት ዝዓይነታ ዘመናዊት ራድዮ ምሸት ምሸት ምስ ብዙሓት ኣባላትና ተኣኪብና ንሰምዓ ኔርና፡፡ ብላግጺ፡ እታ ራድዮ ኣብ'ታ ድምጺ ሓፋሽ ትርከበሉ ቁጽሪ ተቆሪና ንመስመር ድምጺ ሓፋሽ ጥራሕ ትጽብ ስለ ዝነበረት ነታ ራድዮ "ውድብቲ" ኢልና ሰሚናያ፡፡ ካብ ናይሮቢ ተቐይርና ናብ ካልእ ሃገር ምስኣምራሕና፡ ንውድብ ህዝባዊ ግንባር ጨንፈር ኬንያ ወፊናያ ኼድና፡፡
ኣብ ጊዜ ሻድሻይ ወራር ነቲ ወራር ንምብዳህ "ድራር ተጋደልቲ" በብገዛና እንዳኣዳለና ኣብ ሰሰሙን ገንዘባዊ ድለባ ንውድብና ሓገዝ ንእክብ ኔርና፡፡

ንቕሓትና እንዳማዕበለ ምስከደ ገሊኣን ብጾትና ንሜዳ ይኸዳ ኔረን፡፡ ሓንቲ ካብ ብጾትና'ውን ጽገ ትብሃል፡፡ ብጻይቲ ጽገ ሜዳ በጺሓ ምስ ተመልሰት ኣብ ሓደ ሰሙናዊ "ድራር ተጋደልቲ" ድቀንስትዮ ንመጀመርታ ጊዜ መጋቢት 8 ክነብዕሎ ሓሳብ ኣቕሪባ፡፡ ነቲ በዓል ተኣኪብና ብድሙቅ ሓጎስ ኣኽቢርናዮ ውዒልና፡፡ 1980/81 ዓመተ ምሕረት ኔሩ፡፡ እንሆ ድማ ብድሕሪኡ በብዓመቱ ነብዕሎ ኣለና፡፡ ኣብቲ በዓላት ብነሃስ ዝተሰርሐ ካርታ ኤርትራን ካልእ መጋየጽን ካብ ዛምብያ ከምኡ ኸኣ ብደቀንስትዮ ዝተሰርሐ ዝተፈላለየ ናይ ኢድ ስርሓት ኣብ ኣኼባታት ብጨረታ እንዳሸጥና ንውድብ ድለባ ዝጠቅም ገንዘብ ንእክብ ኔርና፡፡ ሞራላዊን ንዋታውን ሓገዝ ውን ንሓትት፡። ዝረኸብናዮ ንዋት ኸኣ ንዋህዮታትና ገንዘብ ድለባ ንጥቀመሉ ኔርና፡፡ ካብዚ ስራሕና ሓደ ተዘክሮይ፡ ንሓደ ሃይማኖታዊ ግብረ ሰናይ ማሕበር ጉዳይ ኤርትራ ኣብ ናይሮቢ ዝነበሩ NGO ኩነታት ሃገርና ንገልጽ፡ ክፈልጡልናን ክሕግዙናን ኣቤቱታና ኣቕሪብና፡፡ ብጽቡቕ ተቐቢሎምና ክብቅዑ "ንሕና ናይ ሃይማኖት እምበር ፖለቲካ ስለዘይምልከተና መጽሓፍ ቅዱስ ጥራሕ ኢና ንህበኩም" ኢሎም ኣማኢቲ መጻሕፍቲ ሂቦምና፡፡ ንሕና'ውን ነቲ መጻሕፍቲ ሼጥና ገንዘብ ንመራሕት ውድባት ጨንፈር ናይሮቢ ኣረኪብና፡፡

ብዛዕባ እቲ ሃይማኖታዊ NGO ዳሕራይ ተኸታቲልና ከም ዝረኸብናዮ ኣብቲ ትካል ሹመኛታት ኢትዮጵያውያን ተቖጺሮም ይሰርሕሉ ስለዝነበሩ ነቲ ጉዳይ ሃገርና ዝገልጽ ኣቤቱታ ቀዲዶም ደርብዮም እዮም መጽሓፍ ቅዱስ ዝሃቡና፡፡ ንሕና ግን ኣይተዓሸናን፡፡ ነቲ ዝሃቡና ቅዱስ መጻሕፍቲ ሼጥና፡ ነቲ እተረኽበ እታዊ ንጨንፈር ውድብና ኣብ ናይሮቢ ኣረኪብናዮ፡፡

ካብ ተዘክሮታተይ ዘሐጉሰኒ እቲ ብዘይ ምቁራጽ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ንምምሃርን ንቕሓትና ክብ ንምባልን ኣብ ኢስሊ (Eastleigh)፡ ዝበሃል ቦታ በብሰሙን ተኣኪብና ብምዉቕ ብጻያዊ ፍቅርን ሓልዮትን፡ ውድባዊ ምንቅስቓስናን፡ ኣኼባታት ዋህዮታትናን ነካይድ ዝነበርናሉ ጌዜ እዩ፡፡

ኣቲ ዘገርም ከምዚ ሕጂ ሰብ ካብ ኤርትራ ንናይሮቢ ተሰዲዱ ዝመጽአ ዘይኮነስ ኣቶም ዝነቕሑን እተወደቡን ኤርትራውያን ካብ ተሰዲዶምሉ ዝነብሩሉ ናይሮቢ ንበረኻ ኤርትራ ክጋደሉ ዝኸዱሉ ኣዋን ኣዩ ኔሩ፡፡

ብጠቕላላ ኣቲ ብጻያዊነትን ሓልዮትን ፡ፍቕርን ምትሕልላይን ኣብ ኣእምሮይ ተቀሪጹ ክርስዖ ዘይኽእል ዘሐብን ተዘክሮ ኢዩ፡፡  ኣብ'ቲ ጊዜ'ቲ ዝነበረና ፍቕርን ሓልዮትን ብጻይነትን ዳግማይ ይምለስ ዶ ይኸውን ??????

ማሕበር ደቅንስትዮ ናይሮቢ ዘይርስዖ ተዘክሮታት ኣዩ ገዲፉለይ !!!!!!!!

ዓወት ንሓፋሽ !  ውድቀት ንተምበርካኽነትን፡፡

ሰላማዊት ትካቦ- ቨርጅንያ

*ብምንኽንያት ዝኽሪ 8 መጋቢት፡ ዝተዳለወ ጽሑፍ።*